# ኣብ ዞርያ መዳርግቲ መማረፅቲ ኣንፈታት መሰጋገሪ ፍትሒ ኢትዮጵያ ካብ ኢታዎት ንምትእኽኻብ ዝተዳለወ መድረኽ ምይይጥ

ትርጉም፦ **ለኣከ መኮነን ተስፋይ**
መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም
ኢ-መልእኽቲ- **happyleake@gmail.com**

**ወንድም ምዕሾ ኣብርሃ**
መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም
ኢ-መልእኽቲ: welentana@gmail.com

የሽግግር ፍትህ
TRANSITIONAL JUSTICE

**ኣብ ዙርያ መማረፅቲ ኣንፈታት መሰጋገሪ ፍትሒ ኢትዮጵያ ካብ መዳርግቲ ኣካላት እታዎት ንምትእኽኻብ ዝተዳለወ መድረኽ ምይይጥ**

**<u>ዕላማታት፣ መትካላትን መማየጥቲ ሕቶታትን ምይይጥ ጉጅለ</u>**

**ሓፈሻዊ፥ ዕላማታትን መትካላትን እቲ ምይይጥ**

- እዚ ምይይጥ ዘዳለዎ ላዕለዋይ ጉጅለ ሰብሞያ ምድላው ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ እዩ። እዚ ጉጅለ ዘይሸራውን ዓርሱ ክኢሉ ዝንቀሳቐስን ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ንዝኾነ ውሽጣውን/ግዳማውን ፅዕንቶ ወይ ፅልዋ ዝተቓልዐ ኣይኮነን።
- ዕላማ እቲ ምይይጥ ኣብቶም ዝቐረቡ መማረፅታት ዕምቈ ዝበለ ምይይጥ ብምግባር እታዎት ምእካብ እዩ። ስለዝኾነ ተመያየጥቲ ኣብ ግዜ ምይይጥ ከምመበገሲ ዝቐረቡ ሕቶታት ከምመበገሲ ብምውሳድ ሓሳባቶም ከንሸራሽሩ ይኽእሉ እዮም።
- ተሳተፍቲ ኣብቶም ዝቐረቡ መማረፅታትን መበገሲ ሓሳባትን ዘለዉዎም ኣረኣእያታት፣ ምስምኽንያታቶም ንኸረድኡ፣ መማረፂ ክኾኑ ኣለዎም ዝብሉዎም ንኽጠቕሱ፣ ጥንኩራት ጐንታትን ዕንቅፋታትን ብምርኣይ ንኽማዕብሉ ብናፃ መንፈስ ምይይጥ ክመኻኸሩ ይበረታትዑ።
- ኣብ ምይይጥ ናይ ተሳተፍቲ፣ መሳሰይትን ናይ ካልኦት ውልቀሰባትን ክብርን ስብእናን ብዘኽብር መልክዑ ክሳተፉ ኣለዎም።
- ተሳተፍቲ ምይይጥ ጉጅለ ሪእቶ ኩሉ ሰብ ይሰማምዑሉ፣ ኣይሰማምዑሉ ብኽብሪ ከዳምፁ ይግብኦም።
- ኣብ ግዜ ምይይጥ ተሳተፍቲ ብፆታ፣ ብብሔራዊ መንነት፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ብኻልኦት ምኽንያታት መጥቃዕቲ ዘለዓዕሉ ሪእቶታት፣ ኣዘራርባታት፣ ፅልኢ ሓዘል ወይ ናይ ዳላዋ ኣዘራርባታት ክጥቀሙ የብሎምን።
- ካልኦት ተሳተፍቲ እንትዛረቡ ብዘይምቁራፅ ብግቡእ ኩነታት የዳምፁ፣ ሓሳቦም እውን ገሊፆም ክውድኡ ይፍቀዱሎም።
- ላዕለዋይ ጉጅለ ሰብሞያ ምድላው መሰጋገሪ ፍትሒ ንሪእቶታት ተሳተፍቲ ዝጥቀመሎም ኮነ እቶም ሓሳባት ኣብ ዝተፋላለዩ ፅሑፋት ዝጥቀሱ ምስጢራውነት ተሳተፍቲ ብዝሕሉን መጉዳእቲ ብዘየብፅሕን መልክዑ እዩ። ኣብ ዝኾነ ዓይነት ኩነታት ኣስማት ተሳተፍቲ ምስ ሪእቶኦም ተተሓሒዙ ኣይጥቀስን። ብምኳኑ እውን ተሳተፍቲ እዙይ እንትተዛረብኩ መጉዳእቲ ክበፅሐኒ ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት እንተይሃለዎም ሓሳባቶም ብናፅነት ክገልፁ ይበረታትዑ።
- ኣብ ከይዲ እቲ ምይይጥ ንቑሕ ተሳትፎ ኩሎም ኣባላት ጉጅለ ብጣዕሚ ዝበረታታዕ እዩ። ብምኳኑ እውን ሕድሕድ ተሳታፊ እቲ ምይይጥ ኣብ ኩሎም መማየጥቲ ሕቶታት ኣስተዋፅኦ ክገብር ብምሕሳብ እኹል መማየጢ ግዜ ተመዲቡ እዩ።
- ነቲ ጉጅላዊ ምይይጥ ሰለስተ ሰዓት ተመዲቡ ኣሎ።

**መዘኻኸሪ፥ ንመሳሰይቲ**

- በይዝኦም/ኣን እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተማላኸቱ ናይቲ ምይይጥ ዕላማታትን መትከላትን እቲ ምይይጥ ቅድሚ ምጅማሩ ንተመያየጥቲ ይግለፁ(ፃ)/የረድኡ(ኣ)።
- ነቲ ጉጅላዊ ምይይጥ ዝተመደበ ግዜ ብቐዳምነት የፍልጡ(ጣ)።
- ካብኡ ብምቕፃል ኣብቲ ጉጅላዊ ምይይጥ ኣብ ዝተላዕሉ ቀንዲ ሓሳባት ናይ ሓባር ምይይጥ ከምዝህሉ ንተሳተፍቲ ብምፍላጥ፣ ነዚ ተግባር ካብ ተሳተፍቲ ሓደ መቕረቢ የምርፁ(ፃ)።

- ነዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ መማየጥቲ ሕቶታት ሓደ ብሓደ ንተመያየጥቲ ብምንባብ ነቲ ምይይጥ የሳልጥዎ(አ)።
- ኩሎም ተሳተፍቲ እቲ ጉጅላዊ ምይይጥ ብንቕሓት ንኽሳተፉ የባራታትዑ(ዓ)።
- ኣብ ከይዲ እቲ ምይይጥ መብራህርሂ ወይ መግረዩ ሕቶ ከምኣድላይነቱ ይሕተቱ(ታ)።
- መሪሕ ሕቶ ምጥቃም ዝተኸልከለ እዩ።
- እቲ ምይይጥ ኣብቲ ዝተመደበ ግዜ ክዛዘም ይግበሩ(ራ)።

**መዘኻኸሪ፡ ንተሓዚ መዘከርታ**

- ብተመያየጥቲ ዝለዓሉ ሓሳባትን ሪኢቶታትን ብግቡእ መዘከርታ ሒዞም/ዘን ይመዝግቡ(ባ)
- ፍቓድ ተማየጥቲ ብምሕታት፣ ዕላማ እቲ ቐረፃ ብምርዳእ፣ ከምኡ እውን መንነት ተመያየጥቲ ከምዘይግለፅ ብምርዳእ፣ ነቲ ምይይጥ ብመቕረፂ ድምፂ ይቕረፁ(ፃ)።
- ተመያየጥቲ ዝተመደበ ግዜ ብኣግባቡ ክጥቀሙ ብምትሕሳሳብ ነቲ ምይይጥ ዝተዋህቦ ግዜ ይቆፃፀሩ(ራ)።
- ኣብቲ ምይይጥ ብግቡእ መንገዲ እኹል ምይይጥ ዘይተገበሮ ወይ ዝተዘለለ ሕቶ ወይ ንፁር እታዎት ዘይተዋህቦ እንተሃልዩ፣ ነቲ ሕቶ ኣዘኻኺሮም(ረን) ምይይጥ ክግበረሉ ሓሳብ የልዕሉ(ላ)።
- ናይቶም ተመያየጥቲ ሓሳብን ሪኢቶታትን ጥራሕ እምበር ናይ መዘከርታ ተሓዚ ውልቃዊ ኣረኣእያ/ሓሳብ እንተይኮነ፣ ኣብቲ ምይይጥ ዝተላዕሉ ነጥብታትን ሓሳባትን ብግቡእ መንገዲ ብምምዝጋብ፣ እቲ(ታ) መሳሰዩ(ት) ዘለዎ(ዋ) ሓሳብ ወይ ሪኢቶ ብምኽታት ንላዕለዋይ ጉጅለ ሰብሞያ ምድላው ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተመደበ ሰሌዳ ግዜ የረክቡ(ባ)።

| 1. **ተሓታትነት ገበን ከምመማረፂ መሰጋገሪ ፍትሒ** |
|---|
| <u>ኣበየናት ዋኒናት ዘተኮረ ከይዲ ክሲ ክህሉ ይግባእ?</u> |
| • **<u>መማረፂ ሓደ፥</u>** ጉሉሃት ኣብ ዝኾኑ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ኣብ ከበድቲ ገበናት ዘተኮረ ከይዲ ክሲ ምክያድ (ጉሉሃት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት እንትብሃል ከበድቲ፣ ሰፋሕቲ ወይ ስርዓታዊ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብህለት እንትኸውን እቶም ጥሕሰታት ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ገበናት ኩናት፣ ምፅናት ዘርኢ፣ ምስቓይን ተመሳሰልቲ ዓለምለኻዊ ገበናት ዘጠቓልሉ እዮም) |
| • **<u>መማረፂ ክልተ፥</u>** ንኹሎም ዓይነታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ንኹሎም ገበናት ዝሓቑፈ ከይዲ ክሲ |
| <u>ኣብ ልዕሊ ኣየኖት ፈፀምቲ ገበን ክሲ ክቐርብ ይግባእ?</u> |
| • **<u>መማረፂ ሓደ፥</u>** ኣብ ልዕሊ ልዑል ብርኪ ተሳትፎን ተሓታትነትን ዘለዎም (እዙይ እንትብሃል እውን ኣመምቲ፣ ትእዛዝ ዝሃቡ፣ ዝተለሙ፣ ዝመርሑን ልዑል ሓላፍነት እንዳሃለዎም ሓላፍነቶም ብዘይምፍፃሞም መጉዳእቲ ክበፅሕ ዝገበሩ) |
| • **<u>መማረፂ ክልተ፥</u>** ከይዲ ክሲ ገበን ኣብ ዝኾኑ ብርክታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ገበናት ዝተሳተፉ ሰባት ሓቑፉ ዝካየደሉ መማረፂ |
| <u>ነቶም ክስታት ዝሪኡ ኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት</u> |
| • **<u>መማረፂ ሓደ፥</u>** ኣብ ማእኸላይን ላዕለዋይን ቤትፍርዲ ግቡእ ምምማይ ብምግባር (እዙይ እንትብሃል እውን ብብቕዓቶም፣ ብብርኪ ትምህርቶም፣ ልምዶምን ሙያዊ ተኣማንነቶምን ብቑዓት ዝኾኑ ብምምዳብ) ፍሉይ መጋባእያ ብምጥያሽ ነቶም ክስታት ብምስማዕ ውሳነ ምውሃብ |
| • **<u>መማረፂ ክልተ፥</u>** ፍሉይ ቤትፍርዲ ብምጥያሽ ነቶም ክስታት ብምስማዕ ውሳነ ምውሃብ |
| • **<u>መማረፂ ሰለስተ፥</u>** ካልእ …….. |

ምፅራይን ክስን ዝሰርሑ ትካላት ብዝምልከት

- ***መማረፂ ሓደ፥*** ኣብቲ ዘሎ ፖሊስን ዓቃብሕግን ግቡእ ምምሓይ ብምክያድ ፍሉይ ጉጅለ ብምጥያሽ
- ***መማረፂ ክልተ፥*** ካብቲ ሕዚ ዘሎ ቤትፅዮ ዓቃብሕጊ ወፃኢ ካልእ ከይድታት ምፅራይን ክስን ዘተሓባብር ፍሉይ (ናፃን ዘይሽራውን) ትካል ዓቃብሕጊ ብምጥያሽ ሰብሞያ ፖሊስን ምፅራይን ብምምዳብ
- ***መማረፂ ሰለስተ፥*** ካልእ ....

## 2. ምውፃእ ሓቅን ዕርቅን ዝምልከቱ ተግባራት

ሓቂ ምፅራይን ዕርቅን ዝምልከቱ ተግባራት ነየነዎት ዋኒናትን ጥሕሰታትን ክትግበሩ ይግባእ? (ኩሎም ግኑናት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዝተወሰኑ ግኑናት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንኣብነት ግኑናት ጥሕሰታት ሲቪላውን ፖለቲካውን ሰብኣዊ መሰላት ወ.ዘተ.)

ከይዲ ሓቂ ምእላሽን ዕርቅን በየናይ ትካል ምክያድ ይግባእ?

- ***መማረፂ ሓደ፥*** ሓዱሽ ብዝጣየሽ ትካል ምፅራይ ሓቂ
- ***መማረፂ ክልተ፥*** ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ
- ***መማረፂ ሰለስተ፥*** ብኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ
- ***መማረፂ ኣርባዕተ፥*** ካልእ ......

## 3. ኣብ ቅድመ-ኩነት ተደሪኹ ዝወሃብ ምሕረት ከምመማረፂ መሰጋገሪ ፍትሒ

ቅድመ-ኩነታት ምሕረት ብዝምልከት

- ንምሕረት ዘብቅዑን ዘየብቅዑን መለክዕታት እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ?[1]

ከይዲ ምውሃብ ምሕረት በየናይ ትካል ክካየድ ይግባእ?

- ***መማረፂ ሓደ፥*** ሓዱሽ ብዝጣየሽ ኮሚሽን ምፅራይ ሓቂ
- ***መማረፂ ክልተ፥*** ብመሰረት ቁፅሪ ኣዋጅ ፲፻፹፱/፳፲(1089/2010)
- ***መማረፂ ሰለስተ፥*** ካልእ ...

## 4. መትከሊ እግሪ ከምመማረፂ መሰጋገሪ ፍትሒ

እቲ ስርዓት መትከሊ እግሪ

- ኣበየነዎት ተጐዳእቲ ትኹረት ክገብር ኣለዎ?
- እንታይ ዓይነት ስርዓታት መትከሊ እግሪ ቀዳምነት ብምሃብ ክፍፀም ይግባእ (ናብ ዝነበሮ ምምላስ፣ ካሕሳ (ውልቃዊ፣ ሓባራዊ)፣ መፅገኒ ወ.ዘተ.)

ነቲ ስርዓት መትከሊ እግሪ ኣየናይ ትካል ይምራሓዮ/የተሓባብሮ?

- ***መማረፂ ሓደ፥*** ውልቃዊ ካሕሳ ዝምልከት በቲ ስሩዕ ስርዓት ሕጊ ብኣብያተፍርዲ ክርአ ምግባር
- ***መማረፂ ክልተ፥*** ሓዱሽ ብዝጣየሽ ኮሚሽን
- ***መማረፂ ሰለስተ፥*** ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ
- ***መማረፂ ኣርባዕተ፥*** ብኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ

## 5. ትካላዊ ተሓድሶ (ምፅሪያ) ብዝምልከት ዝትግበሩ ስራሕቲ ምምሓይን ምፅራይን ከምመማረፂ መሰጋገሪ ፍትሒ

- ነየናት ትካላት ቀዳምነት ሂብካ ስራሕቲ ምምሓይን ምፅራይን ክካየድ ይግባእ?
- ተመሳሰልቲ ገበናትን ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ከይድገሙ እንታይ እንታይ ስጉምትታት ክውሰዱ ይግባእ?

ተግባራት ትካላዊ ተሓድሶ ብመን ይሰርሑ?

- ***መማረፂ ሓደ፥*** ለውጢ ትካላት ዘተግብር ናይ ምምሓይ፣ ምፅራይን ካብ ስራሕ ናይ ምስጓጉን ስልጣን ዝተዋህቦ ዘይሽራውን ነፃን ዝኾነ ብምጥያሽ ኑቶም ተግባራት ምፍፃም
- ***መማረፂ ክልተ፥*** ኣብ ውሽጢ ኩሎም ትካላት ናይ ምምሓይ፣ ምፅራይን ካብ ስራሕ ናይ ምስጓጉን ሓላፍነት ዘለዎም ጉጅለታት ብምጥያሽ ኑቶም ተግባራት ምፍፃም
- ***መማረፂ ሰለስተ፥*** ካልእ ...

## 6. እቲ ከይዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ካበየናይ ግዜ ይጀምር?

---

[1] ንኣብነት ብርኪ ተሳትፎ በደልቲ፣ ብመንፅር ዝተጠርጠሩሉ ወይ ዝፈፀሙዎ ገበን፣ ብመንፅር በደልቲ ከማልኡዎም ዝግብኡ ቅድመ-ኩነታት (ነቲ ሓቂ ብሙሉኡ ምእማን፣ ምንሳሕ፣ ይቕረታ ምሕታት ወ.ዘተ.)

- **<u>መማረፂ ሓደ</u>**፥ ቅድሚ 1983 ዘለዉ ዋኒናት ብዝሓቁፍ ኣግባብ
- **<u>መማረፂ ክልተ</u>**፥ ካብ 1983 ጀሚሩ
- **<u>መማረፂ ሰለስተ</u>**፥ ካብ 1987 ጀሚሩ
- **<u>መማረፂ ኣርባዕተ</u>**፥ ካብ 2010 ጀሚሩ
- **<u>መማረፂ ሓሙሽተ</u>**፥ ንዋኒናት ክሲ ካብ 1987 ጀሚሩ፣ ንምውፃእ ሓቂ፣ ዕርቅን መትከሊ እግርን ሓበሬታን መረዳእታን ክሳብ ዝተረኽበ ግዜ
- **<u>መማረፂ ሽድሽተ</u>**፥ ካልእ …

7. **ባህላዊ ስርዓታት ኣተኣላልያ ጉንዒ ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ እንታይ እጃም ክህልዎም ይግባእ**?

- ከባቢያዊ ወይ ሃገራዊ እጃም ክፃወቱ ዝኽእሉ ተፈልዮም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ባህላዊ ኣሰራርሓታት
- ኣየኖት ዋኒናት ንምፍታሕ ዓርሶም ክኢሎም ወይ ምስ ኣየኖት ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ክትግበሩ ከምዝኽእሉ የብራህርሁ
- ነዞም ባህላዊ ስልትታትን ክብርታትን ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ንምጥቃም ኣብቶም ስርዓታት ክግበሩ ዝግብኦም ለውጥታት ወይ ምምሕያሻት እንተሃልዮም ይጥቀሱ

8. **ክልላትን ምምሕዳር ከተማታትን ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ክህልዎም ብዛዕባ ዝኽእል እጃም**?
   - እንታይ እጃም ክህልዎም ይኽእል? (ምስቲ ሃገራዊ መርሃ-ግብሪ ፍትሒ ስግግር ብምትሕብባርን ዝተፈላለዩ ድጋፋት ብምሃብን፣ ናይ ባዕልቶም መሰጋገሪ ፍትሒ ብምክያድ ወ.ዘተ.)